


# 2020 ዳግመ-ርክብ  ተ.ሓ.ኤ. ተሰጋጊሩ፣

መጋቢት 28  2020

*ናይ ገዳይም ተጋደልቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ 2020 ዳግመ-ርክብ፡ ብምኽንያት ኮሮና ቫይሮስ፡ ናብ ዝመጽእ ዘሎ ዓመት ክሰጋገር ተገይሩ። ካብ 2012 ጀሚሩ ዓመት-ዓመት ዝገባእ፡ ዳግመ-ርክብ፡ ኣብ ወርሒ ሰነ ናይ`ዚ ዓመት`ዚ፡  (2020) ኣብ ከተማ ሲያትል ክጋባእ ተወሲኑ ነይሩ። እንተኾነ፡ ብሰንኪ`ዚ ተላባዒ ዝኾነ ኮሮና ቫይሮስ፡ ናብ 2021 ክሰጋገር ናይ ግድን ኮይኑ ረኺብናዮ።*

*ናይ 2020 ዳግመ-ርክብ፡  እዚ ዓመት`ዚ፡ ካብ ኤውሮጳ ከይተረፈ ብርክት ዝበሉ ሃብሮማት ክሳተፍዎ ዝወሰኑሉ ዓመት ስለዝነበረ፡ ዕዉት ክኸውን ዓቢ ትጽቢት ነይሩና። ከምኡ`ውን፡ ንናይ 2020 ዳግመ-ርክብ ተ.ሓ.ኤ. እኹል መደባት ሰሪያም ዝበለጸን ዝደመቐን ክኸወን፡ ኣብ ምሽብሻብ ዝጸንሑ ኤርትራውያን ነበርቲ ሲያትል (ዋሺንግቶ ስተይት)፡ ብፍላይ ድማ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣገናዕ እናበልና፡ ኣብ 2021 ብዝለዓለ ደረጃ ክዳለውሉ ምኻኖም ንተኣማመን።*

*ክቡር ሓውና መስፍን መንግስቱ፡ ናይ ተጋደልቲ ስዉኣትን ህልዋትን ስእልታት ይኹን፡ ኣገዳሲ ሓበሬታ ንህዝቢ ኣብ ምቕራብ ዝገብሮ ዘሎ ቀጻሊ ጻዕርን ሞያን ብዝለዓለ ክብሪ ነመስግኖ። ይተካእ-ይለቀብ፡ ካብ ሃገረ ሆላንድ፡ ኣብ`ተን ዝገበርናየን ሸውዓተ ናይ ዳግመ-ርክባት፡ ብገንዘብን ጊዜን ከይተሓለለ  ኣርባዕተ ጊዜ ምስታፉ ንጽንዓቱን ተወፋይነቱን ብቓላት ክንገልጾ ኣይንኽእልን።*

*ተልእኾ ዳግመ-ርክብ ገዳይም ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ውህሉል ናይ ሓባር ተመኩሮታት ብስእሊ፡ ብቪድዮ፡ ብቃል፡ ብጽሑፍ ንምስናድን ብመንጽር ዝተፋላለየ ኣረኣእያታትን ተመኩሮታትን  ንምድህሳስን ትርጉም ንምሃብን`ዩ። ሰፊሕን ክቡርን ታሪኽ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ዘይፍለ ኣካል ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ስለዝኾነ፡ ተቐቢሩ ከይተርፍን፡  ምእካቡን ምስናዱን ሓላፍነትና`ዩ። ብሰነድ ዓቂብና፡  ናብ ዝመጽእ ወለዶ ክሰጋገር ምግባሩ`ውን ግቡእና`ዩ። ነቲ ሰፊሕ ተመክሮታት ብግቡእ ብምጽናዕ እንመሃሮ፡ ንናይ ግዜናን መጻኢትን ኤርትራ ዚገጥም ማሕበረ-ፖለቲካዊ ሽግራት ኣብ ምፍታሕ ዚህልዎ ኣበርክቶ ንምልላይን፡ ህዝብና ካብኡ ከም ክመሃረሉ ንምግባርን`ዩ።*

*ዳግመ ርክብ ተ.ሓ.ኤ. ሃለዋት ናይ ውጉኣት ሓርነት መደበር ከሰላ ይገብርን፡ ኩሉ ዝክኣሎ ሞራላውን ነገራውን ሓገዝ ይገብር። እዚ ሓላፍነታት`ዚ፡ ናይ`ቶም ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ዝተቓለሱ ጥራሕ ጌርካ ክውሰድ ኣይግበኦን። ታሪኽ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ስለዝኾነን፡ ኣብ`ዚ ጅግና ቃልሲ ናይ ዝሰንከሉን ውጉኣትናን ስለዝኾነ፡ ኩሎም ኤርትራውያን፡ ብሞያ፡ ብገንዘብ ይኹን ኣብ ኢዶም ዝርከብ ሰነድ ብምብርካትን ብምውሳእን ክሳተፍዎ በዚ ኣጋጣሚ`ዚ ብኽብሪ ንጽውዕ።*

ሞጎስን ክብርን ንስዉኣትና!

ልኡላውነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዕላማና`ዩ!!

*ምምሕዳር፡ ዳግመ-ርክብ ገዳይም ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ.*